
## መጽሓፍ ቅዱስ ንህጻናት

# ህዝቅኤል፡ እቲ ናይ ራእይ ሰብ



ጸሓፊ :- Edward Hughes

ገላጺ :- Lazarus, Alastair Paterson

ኣወሃሃዲ፣ Ruth Klassen

ተርጋሚ፡- ተስፈኣለም በራኺ፣
ሙሉጌታ ዘርኣይ፣ ጸሃይነሽ ታደሰ

ኣባዛሒ፡- Bible for Children
www.M1914.org

©2025 Bible for Children, Inc.
ፍቓድ፣ ምቅዳህን ምብዛሕን እዚ ዛንታ ፍቑድ እዩ።
ኣብ መሸጣ ክሳዕ ዘይወዓለ፣



ቅድሚ ነዊሕ እዋን፡ ሓያል ሰራዊት ንይሁዳ ኣጥቂዑ ምስ ተቆጻጸራ፡ ንብዙሓት ህዝቢ ኣምላኽ ብ ምርኮ ናብ ባቢሎን ወሰዶም፡ እዞም ኣይሁድ እዚኣቶም ካብ ቤቶም ርሒቖም ኣብ ጥቃ ሩባ ኬባር ይነብሩ ነበሩ፡ ካብዚኦም ሓደ ድማ ን እግዚኣብሔር ዘገልግል ነብይ ህዝቅኤል ነበረ።



ሓደ መዓልቲ፡ ኣምላኽ ንህዝቅኤል ራእይ ሃቦ፡ ክብሪ ኣምላኽ ድማ ከም ድሙቕ ብርሃን ኮይኑ ተራእየ፣ ብመልክዕ ኣርባዕተ ሓዊ ዝመስሉ ህያዋን ፍጡራት፡ ነፍሲ ወከፎም ኣርባዕተ ገጽን ኣርባዕተ ኣኽናፍን ነበሮም፡ ኣብ ልዕሊኦም ከም ዝበርህ ቀስተ ደመና ብብርሃን ዝተመልአ ጽቡቕ ናይ ሳፋየር ዝፋን ነበረ፡ ህዝቅኤል ድማ ምስ ረኣዮ ብገጹ ወደቐ።




3

ኣምላኽ ድም ንህዝቅኤል ከምዚ ኢሉ ተዛረቦ፡ "ናብ ደቂ እስራኤል እሰደካ ኣለኹ፡ ንሳቶም ዓለወኛታት እዮም እሞ፡ ቃለይ ንገሮም፡ ጥቕላል ዝሓዘት ኢድ ድማ ተራእየት፡ ኣምላኽ ድማ "ነዛ ጥቕላል እዚኣ ብላዕ  እሞ ኪድ ንቤት እስራኤል ተዛረቦም በሎ፡ ከመይ ዝበለ ፍሉይ ትእዛዝ እዩ! ህዝቅኤል ግና ተኣዚዙ ነታ ጥቕላል በሊዑ ከደ።




4

መንፈስ ኣምላኽ ድማ ንህዝቅኤል ኣልዒሉ ናብቶም ኣብ ካልእ ቦታ ኣብ ጥቓ ሩባ ኬባር ዝነብሩ ብምርኮ ዝመጹ ኣይሁድ ወሰዶ፡ በቲ ዝረኣዮ ተገሪሙ ንሸውዓተ መዓልቲ ኣብቲ ቦታ ኮፍ በለ፡ ድሕሪኡ፡ ኣምላኽ ድማ ንህዝቅኤል፡ ነቶም እኩያት ሰባት ንኣምላኽ ምእንቲ ክእዛዙ ከጠንቅቖም ሓላዊ ገበሮ።




5




ህዝቅኤል ቃል ኣምላኽ ንሰባት ንጹር ንምግባር ብዙሕ ዘገርም ነገራት ገበረ፡ ኣብ ቁራስ ጭቃ ድማ ስእሊ ኢየሩሳሌም ገበረ ነታ ከተማ ድማ ሓያል ሰራዊት ከቢብዎ ከሎ ገይሩ ሰርሓ፡ እዚ ድማ ገለ ሰባት ብልዕሊ መንኰቡ ክዕዘቡ ኢዩ፡ ምልክት እዚ ምስሊ ድማ እታ ቅድስቲ ኸተማ ኣምላኽ ኣብ ቀረባ እዋን ከም እትጠፍእ ኢዩ።

6


እስራኤል እታ ሰሜናዊት መንግስቲ ን390 ዓመት ካብ ኣምላኽ ዓልዮም ነይሮም፡ ይሁዳ እታ ደቡባዊት መንግስቲ ድማ ን40 ዓመት ካብ ኣምላኽ ዓልዮም ነይሮም፡ ስለዚ ድማ እዩ እስራኤል ዝተደምሰሰት፡ ይሁዳ ድማ ኣብ ቀረባ ግዜ እትወድቅ፡ በዚ ድማ ኣምላኽ ንህዝቅኤል ን390 መዓልቲ ብጸጋማይ ሸነኹ፡ ን40 መዓልቲ ድማ ብየማናይ ሸነኹ ክድቅስ ዝነገሮ፡ እዚ ድማ ነቶም ህዝቢ ናይ ሓጢኣት ዓመታት ዘዘኻኽር እዩ።



7



ምናልባት እቶም ህዝቢ ህዝቅኤል ኣዝዩ ኣገራሚ ሰብ ምዃኑ ክሓስቡ ጀሚሮም ነይሮም ይኾኑ፡ ህዝቅኤል ኩሉ ኣምላኽ ዝበሎ ይገብር ነይሩ፡ ሓደ መዓልቲ ጸጉሩ ላጺዩ ሲሶኡ ኣቃጸሎ፡ እዚ ድማ ሰራዊት ባቢሎን ነታ ኸተማ ምስ ኣጥቅዕ፡ ሓደ ሲሶ ኻብቶም ኣብ ኢየሩሳሌም ዝነበሩ ሰባት ብሕማምን ብጥሜትን ከም ዚሞቱ ዜርኢ እዩ።



8


ህዝቅኤል ደጊሙ ሲሶ ጸጉሩ ወሲዱ ብሰይፊ ቆረጾ፡ እዚ ኸኣ ሲሶ ህዝቢ ብሰይፊ ጸላኢ ከም ዚመውት ንምግላጽ እዩ ነይሩ፡ እቲ ዝተረፈ ሳልሳይ ሲሶ ድማ ናብ ንፋስ ፋሕ ኣበሎ ካብኡ ግን ሒደት ኣትሪፉ ኣብ ዘፈር ክዳኑ ቆጸረን፡ እዚ ድማ ኣምላኽ ካብ ህዝቡ ውሑዳት ብሰላም ናብታ ናይ ተስፋ ምድሪ ክመልሶም ምኻኑ ዘመልክት ኢዩ፡
9


እዚ ተባዕ ነብዪ ነቶም ምሩኻት ኣይሁድ ነገራት ከምቲ ተስፋኦም ዝሓይሽ ዘይኮነስ ክገድድ ምኺኑ ነገሮም። እቶም ህዝቢ ንህዝቅኤል ተቖጢዖሞ እኳ እንተ ነበሩ፡ ንሱ ግና ቃል ኣምላኽ ምዝራብ ቀጸለ፡ ሓደ መዓልቲ ምስ ሽማግለታት እስራኤል ኮፍ ኢሉ ከሎ፡ ኣምላኽ ንህዝቅኤል ራእይ ሃቦ፡ ብጸጉሩ ኣልዒሉ ድማ ናብ ቤተ መቕደስ ኢየሩሳሌም ወሰዶ።
10



ኣብ ቤተ መቕደስ ኣምላኽ ድማ ህዝቅኤል ለመም ዝብሉ ነገራት፡ ርኹሳት ኣራዊትን ጣኦታትን ኣርኣዮ፡ እዚኣቶም ኣብ ቤተ መቕደስ ኣምላኽ ፈጺሞም ክህልዉ ዘይግባእ ኢዩ።
11


እቶም መራሕቲ ሃይማኖት ኣብ ክንዲ ንኣምላኽ ነዚኦም ነገራት የምልኹ ነይሮም፡ እግዚኣብሔር ንህዝቅኤል እውን ክብሩ ካብ ቤተ መቕደስ ይወጽእ ከም ዘሎን እቲ ቤት መቅደስ ውን ከም ዝዓኑ ኣርኣዮ፡ እቲ ራእይ ምስ ተዛዘመ፡ ህዝቅኤል ንኣይሁድ ብዛዕባኡ ነገሮም።
12


ኩሉ እቲ ኣምላኽ ዝበሎ ድማ ተፈጸመ፡ ኢየሩሳሌም ተደምሰሰት፡ ብዙሓት ሰባት ውን ጠፍኡ፡ እቶም ኣብ ባቢሎን ምሩኻት ዝነበሩ ኣይሁድ እዚ ምስ ሰምዑ እግዚኣብሔር ንህዝቡ ንዘልኣለም ኣሕሊፉ ሂብዎም ድዩ ኢሎም ተገረሙ።
13



ኣምላኽ ግን ንነብዩ ካልእ መልእኽቲ ውን ሃቦ፡ ናብ ሓደ ብደረቕ ኣዕጽምቲ [ኣዕጽምቲ ሰብ] ዝመልአ ጎልጎል መርሖ።
14

"ኣታ ወዲ ሰብ፡ እዞም ኣዕጽምቲ እዚኣቶም ብህይወት ክነብሩ ይኽእሉ'ዶ" ኢሉ ኣምላኽ ንህዝቅኤል ሓተቶ፡ ህዝቅኤል ድማ፡ "ኦ እግዚኣብሄር፡ ንስኻ ትፈልጥ" ኢሉ መለሰሉ። ብርግጽ ደረቕ ኣዕጽምቲ ዳግማይ ክነብሩ ኣይክእሉን ኢዮም።




15

እግዚኣብሄር ድማ፡ "ነዞም ኣዕጽምቲ እዚኣቶም ተነበየሎም፡ 'ኦ ደረቕ ኣዕጽምቲ፡ ቃል እግዚኣብሄር ስምዑ፡ ብህይወት ከኣ ክትነብሩ ኢኹም በል" ኢሉ ነገሮ" እቶም ኣጻጽምቲ ነቲ ቃል ምስ ተኣዘዙ ድማ ህዝቅኤል ዓጠምጠም ዝብል ድምጺ ሰምዐ፡ ናይዚ ነገር ጠንቂ እንታይ እዩ ትብሉ?




16

እቲ ነብዩ ብግርምት እንዳጠመተ ከሎ፡ እቶም ሬሳ ዓጽሚ ብዓጽሚ የገጣጥተሙ ነበሩ።




17

ሽዑ፡ ስጋ ለበሱ።




18

ብቆርበት ድማ ተሸፈኑ፡ ትንፋስ ግና ኣይነበሮምን።




19

እግዚኣብሄር ድማ፡ "ኣታ ወዲ ሰብ ደጊምካ ተነበ፡ ካብ ኣርባዕተ መኣዝን ንፋሳት ይውጽኡ በል፡ ህያው ምእንቲ ክኾኑ ድማ ነቶም ኣጻጽምቲ ኣስተንፍስሰሎም" በሎ።" ህዝቅኤል ከምኡ ምስ ገበረ፡ ትንፋስ ሰኺዖም፡ ብህይወት ነበሩ፣ ብእግሮም ድማ ደው በሉ። ዓብዪ ሰራዊት ኮይኖም ድማ ነቲ ጐልጐል መሊእዎ።




20

ኣምላኽ እቶም ኣብ ባቢሎን ዝነበሩ ኣይሁድ ኢየሩሳሌም ምስ ወደቐት ተስፋ ቆሪጾም ከም ዝነበሩ ይፈልጥ ነይሩ፡ በቲ ህዝቅኤል ዝረኣዮ ራእይ ኣቢሉ ድማ መልእኽቲ ሃቦም፡ "እዞም ኣዕጽምቲ እዚኣቶም ምሉእ ቤት እስራኤል እዮም፡ መንፈሰይ ኣባኻትኩም ከንብር ኣብ ሃገርኩም ውን ከቐምጠኩም እየ፡ ኢሉ ድማ ተዛረበ።



21

ካብ ኣምላኽ ዝተዋህበ ከመይ ዝበለ ዓቢ ናይ ተስፋ መልእኽቲ እዩ! ኣይሁድ ጸኒሖም ናብ ሃገሮም ምስ ተመልሱ፡ ኣምላኽ ብህዝቅኤል ኣቢሉ ዝኣተዎ ተስፋታት ተፈጺሙ፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ናብ ዓዶም ከም ዝመለሶም ድማ ፈለጡ፡ ቃል ኣምላኽ ኩሉ ግዜ ይፍጸም እዩ።



22

ህዝቅኤል፡ እቲ ናይ ራእይ ሰብ

ዛንታ ካብ ቃል እግዚኣብሄር። መጽሓፍ ቅዱስ

ህዝቅኤል

″ምኽፋት ቃልካ የብርህ ንገርህታት ኣእምሮ ይህብ።″ መዝሙር 119፣130

23

# መፈጸምታ

29 60

24

እዚ መጽሓፍ ብዛዕባ እቲ መደነቕ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እዩ ዝነግር፣

ቃል ኣምላኽ ኩልና ሓጢእና ክብሪ ኣምላኽ ከም ዝሰኣና ይነግረና፣ ዓስቢ ሓጥኣት ሞት እዩ። ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና ብየሱስ ክርስቶስ ጎይታና ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ፣ ንሕና ገና ሓጥኣን ከሎና ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እሞ ኣምላኽ ኣታ ፍቕሩ ንኣና ብዚ የርኢ ኣሎ፣ እንተ ንየሱስ ክርስቶስ ከም ጎይታናን መድሓኒናን ተቀቢልናዮ ንሱ ካብ ኩሉ ሓጥያትናን ኣበሳናን እቅረ ክብለልና እሙንን ጻድቕን እዩ፣

ኣምብኣረይ ሕጂ እዚ ጸሎት እዚ ብሓባር ንጸሊ!
“ኦ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ብሓጥያተይ ይእመን ኣለኩ። የሱስ
ወዲ ኣምላኽ ኣብ ክንዲ ሓጥያተይ ከምዝሞተለይን ካብ ምውታት
ድማ ከም ዝተንሰኣን እኣምን ኣለኹ፣ ኦ ጎይታ የሱስ ካብ ኩሉ ሓጥያተይ
ምሕረት ክትገብረለይን ሓድሽ ሂወት ክትህበንን ይዕድመካ ኣለኹ፣ ካብዚ
ሰዓት ጀሚረ ውሉድ ኣምላኽ ክኸውን መሰል ስለ ዝሃብካንን ሓድሽ
ፍጥረት ስለዝገበርካንን የመስግነካ ኣለኹ፣” ኣሜን፣

ቃል ኣምላኽ ነንብብ ምስ እግዚኣብሄር ድማ ኩሉ ሳዕ ንዘራረብ!
የውሃንስ 3፡16

25